ቢሮ ሐለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ንቲ ቢሮኡ ግልጋሎት ዝዉዕል አቁሑት ኤሌክትሮኒክስን ስራሕቲ ሕትመትን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ንተወዳደርቲ ይዕድም

ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሚያዝያ 15, 2008 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጉንበት 2, 2008 06:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ ጉንበት 2, 2008 06:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1.Â Â  ናይ 2008 ዓም ፍቃድ ንግዲ ዘሐደስኩምን

2.Â Â  መለለዩ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ መረዳእታ ክተቅርቡ ትክእሉ

3.Â Â  ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምን ናይ ወርሒ መጋቢት 2008 ዓም ሒሳብ ዘፍለጥኩምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ እትክእሉን

4.Â Â  ዝተሐደሰ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት መረዳእታ ክተቅርቡ እትክእሉን

5.Â Â  መክበሪ ጨረታ ንኣቁሑት ኤሌክትሮኒክስ ብሲፒኦ 15,000 :ንስራሕቲ ሕትመት ብሲፒኦ 10,000 ክተትሕዙ እትክእሉ

6.Â Â  ሰነድ ጨረታ ብሽምዒ ብዝተዓሸገ ፖስታÂ ሓደ ዋናን ሓደ ቅዳሕን ንዚ ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ንኡስ ከይዲ ስረሕ ዕደጋÂ  ቁፅሪ ቢሮ 42 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ምእታዉ ትክእሉ

7.Â Â  እቲ ጨረታ ካብ 17 ሚያዝያ 2008 ዓም ጀሚሩÂ ን15ተ መዓልቲ ኣብ ኣየር ዝፀንሕ እንትከዉን 2 ጉንበት 2008 ዓም ሰዓት 3፡30 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4፡00 ቅድሚ ቀትሪ ይክፈት

8.Â Â  ጨረታ ዝሰዓረ ትካል ብዝተዉሃቦ መዐቀኒ ረቋሒ መሰረት ዘቅርብን መወዳደሪ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሓዊሱ ከቅርብ ይግባእ

9.Â Â  ኣብ መወዳደሪ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከይሓወሰ ዘቅርብ ተጫራታይÂ  ተወሳኪ እሴት ታክስ ከምዝሓወሰሉ ይዉሰዱ

10. ተጫራታይ ብመዐቀኒ ረቋሒ መሰረት ጥራሕ ከቅርብ ዝክእል ኮይኑ ሰዓራይ ትካል ብናይ ባዕሉ መጋዕዝያ ናብ ቢሮ ሓለወ ጥዕና ክልል ትግራይ ኣታዊ ይገብር

11. ሰዓራይ ትካል ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣቁሑትን ኤሌክትሮኒክስ ኣብ ዉሽጢ 20 መዓልቲ ስራሕቲ ሕትመት ኣብ ዉሽጢ 45 መዓልቲ ኣታዊ ዝገብርን ዉሕስና ንዘድልዮም ኣቁሑት ድማ ዉሕስና ከቅርብ ዝክእል

12. ነዚ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ካብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ቁፅሪ ቢሮ 42 ዘይምለስ 50 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሳድ ትክእሉ
13. ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ኣብ ነፍስወከፍ ንብረት 20 ሚኢታዊ ክዉስክን ወይ ክንክን ይክእል እዩ

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

14. ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲ ባዕል እንተዊዒሉ ኣብ ዝቅፅል ናይ ስራሕ መዓልቲ ዝክፍት ይከዉን

15. ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ዝሓሸ ኣመራፂÂ  እንተረኪቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታÂ ብቁፅሪ ስልኪ 0914733312 /0914763435 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle